# ቃለ-መሓትት ብጻይ መንግስተኣብ ኣስመርኦም
# ምስ
# መጽሔት ድምጺ ህዝቢ

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
14.06.2009



ብጻይ መንግስተኣብ ኣስመሮም፡ ሓላፊ ክፍሊ ዜናን ባህልን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ምስ መጽሔት "ድምጺ ህዝቢ" ዝገበሮ ቃለ መሓትት ነቕርበልኩም።

**ሕቶ፡- ብሕጽር ዝበለ ኣገባብ፡ ኵነታት ሃገርና ከመይ ትግምግሞ?**

***መንግስተኣብ ኣስመሮም፡-*** ብሕጽር ዝበለ፡ ሃገርናን ህዝብናን ኣብ ከቢድ ዝኾነ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባዊ፡ ማሕበራውን ሰብኣውን ቅልውላው ተሸሚሞም ኣለዉ ዝብል ገምጋም'ዩ ዘሎኒ። ኵላትና ንሃለዋት ሃገርና ንከታተሎ ስለዘሎና ድማ፡ ኣብ ዝርዝር ምእታው ኣድላዪነት የብሉን። ገለገለ ነጥብታት ንምጥቃስ ዝኣክል ግን፡-

1. ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ፡-

ኣብ ኤርትራ፡ ብቕዋምን ብግዝኣተ ሕግን ዝቐየድን ብድምጺ ህዝቢ ዝምረጽን መንግስቲ የለን። ብሓጺሩ ናይ ሓደ ሰብ ምልካዊ ስርዓት'ዩ ዘሎ። ናይ ሓደ ሰብ ምልካዊ ስርዓት ዘብሎ ድማ፡ ኵሉ እቲ መንግስቲ ብዘይፍቓድ ናይ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ጠንቀስ ኢሉ ክንቀሳቐስ ዘይክእል ስለዝኾነ'ዩ። ፓርላማ፡ ካቢነ ሚኒስተራትን ህግዲፍን ከም ርእሶም ዝኸኣሉ ትካላት ስርሓቶም ይኹን ኣኼባታቶም ብግቡእ ኣየካይዱን ኢዮም። ካቢነ ሚኒስተራት ንኣብነት፡ ምስ ላዕለዎት መራሕቲ ሰራዊትን ምስ መራሕቲ ዞባታትን ተሓዊሶም ኢዮም ዝእከቡ።

ብተወሳኺ፡ ንስርዓት ኢሳያስ ከም ስርዓት ይኹን፡ ንሰበ-ስልጣን ናይ'ቲ ስርዓት ከም ውልቀ-ሰባት ምቕዋም ይኹን ምውቃስ ኣይፍቀድን ኢዩ። ስለ'ዚ ከኣ'ዩ ናጻ ጋዜጣታት ዘየለዉ፤ ስለ'ዚ ኢዩ ውን፡ ናይ'ቲ ስርዓት ተቓወምቲ ኣብ ውሽጢ ክህልዉ ዘይተመርጸ። ስለ'ዚ ውን፡ እቲ ህዝቢ ኣጽሚጽሉ፡ ደጊፍዎ እናተባህለ ዝዝረበሉ ዝነበረ ቅዋም ኣብ ስራሕ ዘይወዓለ። ስለ'ዚ ኢዩ ውን፡ ናይ ረድኤት ማሕበራት ካብ ኤርትራ ክባረራ ዝተገብረ።

ንህዝቢ ኣርዒድካ፡ ከፋፊልካ ግዛእ ዝብል ድማ፡ እምነ-መሰረት ናይ ስልጣን ፖሊሲታቱ ኢዩ። ዓዛብ፡ ማእሰርቲ፡ ቅትለት፡ ብኣውራጃ፡ ብሃይማኖት፡ ተጋዳላይ ገባር፡ ጀብሃ ሻዕብያ፡ ከዳዕ ዘይከዳዕ፡ ናይ ግዳም ወራር …ወዘተ ዝብሉ ፍልልያት ገለ ካብ'ቶም ናይ ምርዓድን ምክፍፋልን ሜላታቱ ኢዮም።

ኣብ ዲፕሎማስያዊ መዳይ ከኣ፡ ብሰሪ ግጉይ ፖሊሲታት ናይ'ቲ ስርዓት፡ ኤርትራ ካብ ዓለምናን ጐረባብትናን ተነጺላ'ያ ትነበር ዘላ። ኤረ ሕጂስ፡ ምስ ጥሩፋት ሓይልታት ተኣሳሲራ ንጸጥታን ርግኣትን ናይ'ቲ ዞና ትዝርግ ኣላ ተባሂላ'ያ ትኽሰስ ዘላ።

2. ኣብ ቍጠባዊ መዳይ፡-

ኣብ ኤርትራ ቍጠባ ኣሎ ኢልካ ክትዛረብ ዘይከኣል ኢዩ። ብሰንኪ'ቲ ቅድም ክብል ዝጠቐስክዎ ፖለቲካኡ፡ እቲ ስርዓት ካብ ዓለም ተነጺሉ ኢዩ። ከም ውጽኢቱ ከኣ፡ ኤርትራ ምስ ደገ ዘለዋ ናይ ንግዲ ዝምድና ከምዝመዛባዕ ገይርዎ ኢዩ። ሕጽረት ናይ ወጻኢ ባጤራ ስለዘሎ፡ ካብ ወጻኢ ክግዛእ ዝኽእል ኣቕሓ የለን። ካብ ውሽጢ ውን ንደገ ክስደድ ዝኽእል ሕርሻዊ ይኹን ኢንዱስትርያዊ ምህርቲ የለን።

መሕወይ ግብሪ፡ ፈስቲቫል፡ ቦንድ …ወዘተ ብዝብል ምስምስ ካብ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ዝረኽቦ ዝነበረ እቶት ውን፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ዓመታት ብፍላይ እናነከየ ምኻዱ ዘካትዕ ኣይኰነን። እቲ ምኽንያት ድማ፡ ስርዓት ኢሳያስ ዝፍጽሞ ግህሰታት ኣብ ነፍስወከፍ ቤት ስለዝበጽሐ ኢዩ። ሎሚ ዘይተኣስረ፡ ወይ ዘይተሰደ፡ ወይ ኣብ ግንባር ውግእ ዘይተሰለፈ ሰብ ዘይብላ ስድራ ቤት የላን።

ብሰንኪ'ቲ ዘይተጸንዐን ተጋላባጥን ፖለቲካዊ፡ ቍጠባውን ናይ መሬትን ፖሊሲታቱ ሕርሻዊ ማእቶት ንከቢድ ማህሰይቲ ተቓሊዑ ኢዩ ጸኒሑን ዘሎን። መሬት፡ ናይ መንግስቲ'ዩ ዝብል ፖሊሲ ናይ'ቲ ስርዓት ቀንዲ ጠንቂ ናይ'ቲ ጸገም ኢዩ። ካብ'ዚ ተበጊሱ'ዩ፡ ሓረስታይ ዘይረብሓሉ ጥሙር ማሕረስ ዝተባህለ ሜላ ዘተኣታተወን፤ መሬት፡ ካብ ዋናታቱ እናመንዝዐ ንመጋበርያታቱ ክዕድል ዝጸንሐ። ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ዝብል ፖሊሲኡ ድማ፡ ነቲ ዝበዝሐን ኣፍራዩን ዝኾነ ሓይሊ መንእሰይ ካብ መሬቱ ኣመዛቢልዎን ኣደዳ ስደት ገይርዎን ኢዩ። ኣብ ርእስ'ዚ፡ ረዲኤት ኣየደልየናን ኢዩ፣ ብጽፍርና ኢና እንነብር ብዝብል ምስምስ ነቶም ንህዝቢ ዝድግፉ ዝነበሩ ለገስቲ ማሕበራት፡ ጕዱ ከየቓልዕዎ ኢሉ፡ ከምዝባረሩ ገይሩ ኢዩ። እዚ ተኸሲቱ ዘሎ ጥሜት እምበኣር ድምር ወጽኢት ናይ'ዚ ግጉይ ፖሊሲታት እዚ ኢዩ። ሎሚ፡ ህዝቢ ብሰንኪ ጥሜት ንዘመናት ክነብረሉ ዝጸንሐ ቦታታት ገዲፉ ክልምንን ናብ ከተማታትን ሰራዊት ዘለዎ ከባቢታትን ክውሕዝን ጀሚሩ ኣሎ። እቲ ስርዓት ውን፡ በዚ ተኸሲቱ ዘሎ ሓደጋ ተሰናቢዱ፡ ብዘይ ዝኾነ ይኹን መጽናዕቲ፡ ንህዝቢ ካብ ዓድታቱን መሬቱን በስገዳድ እናፈናቐል፡ ናብ ካልእ ቦታታት ከስፍሮ ጀሚሩ ኣሎ። እዚ ናይ ሰፈራ መደብ'ዚ፡ ንገዛእ ርእሱ፡ ንዝያዳ ዘይምርግጋእን ዕግርግርን ዘምርሕ ዘይሓላፍነታዊ ስጕምቲ ምኳኑ፡ ተመኩሮ ናይ ደርግን ካልኦት ሃገራትን ዘረጋገጽዎ ሓቂ ኢዩ።

ንስድራ ቤታት፡ ውላድኩም ኣህዲምኩም ብዝብል ምኽኒት ንሓደ ዝሃደመ ወይ ዝኾብለለ ውላድ ዘ'ክፍሎም ዘሎ 50,000 ናቕፋ፤ ከምኡ ውን፡ ምስ ውልቀ ነጋዶ መንግስቲ ዝገብሮ ውድድራት፡ ነዚ ዘጋጥሞ ዘሎ ገንዘባውን ቍጠባውን ቅልውላዋት ንምቅላል ኢሉ ምኳኑ ብሩህ'ዩ።

3. ኣብ ማሕበራዊ መዳይ፡-

እቲ ዝዓበየ ማሕበራዊ ጸገም ኣብ ኤርትራ ምብታን ናይ'ታ መሰረታዊት ኣሃዱ ናይ ኵሎም ሕብረተ-ሰባት ዝኾነት ስድራ ቤት ኢዩ። ሎሚ፡ ኣባላት ሓንቲ ስድራ ቤት፡ ኣብ ስደት፡ ኣብ ማእሰርቲ፡ ኣብ ግንባራት ናይ ውግእ ተበታቲኖም'ዮ ዝርከቡ። እዚ ሃለዋት'ዚ፡ ኣብ ማእቶታዊ፡ ባህላዊ፡ ሞራላዊ፡ ትምህርታውን ስነ-ኣምራውን መዳያት ናይ'ታ ህዝብን ናይ'ቲ ዜጋን ከቢድ ኣሉታዊ ጽልዋታት ኣለዎ።

ናይ ሰብ ይኹን እንስሳ ጥዕናዊ ኣገልግሎት የለን። ብሰንኪ ሕጽረት ሓካይምን መድሃኒትን፡ እተን ኣለዋ ተባሂሉ ዝዝረበለን ሆስፒታላታን ክሊኒካትን ድማ፡ ግቡእ ኣገልግሎት ኣይህባን ኢየን። ትምህርቲ ውን ከምኡ፡ ተቛሲሉ ኢዩ። እታ ሓንቲ ዝነበረት ዩኒቨርሲቲ ተዓጽያ፤ ብናይ ሞያ ኮለጃት

ተተኪኣ። 11 ክፍሊ ዝወድኡ ተመሃሮ፡ ንሃገራዊ ኣገልግሎት ይውሰዱ። ብኡ ኣቢሎም ድማ፡ ካብ ትምህርቲ ተሰናቢቶም፡ ብስም ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ወተሃደራት ኰይኖም ይነብሩ። ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ብዘይ ደሞዝ፡ ኣብ ጀራዲንን ግራውትን ናይ ሰበ-ስልጣን ክሰርሑ ይግደዱ፤ ህንጻታትን ጽርግያታትን ይሰርሑ። ካብ ወተሃደር፡ ዝገላገሉላ ሓንቲ ዘላቶም ዕድል ድማ ስደት ኰይና ኣላ።

ጥሮተኛታት፡ ኣካለ ስንኩላን …ወዘተ ዝግበረሎም ፍሉይ ክንክንን መሰልን የለን። ደቂ ኣንስትዮ፡ ብዘይካ'ተን ኣብ ላዕለዋይ ጽፍሒታት ናይ'ቲ ስርዓት ዝርከባ፡ ንመዘና ዘይብሉ ግፍዕታት ኢየን ዝቃልዓ ዘለዋ። በስገዳድ ምድፋር፡ ኣብ ገዛውቲ ሰበ-ስልጣን ከም ከደምትን መጕዚትን ምግልጋል፡ ወይ ድማ፡ ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንምምላጥ፡ ኣብ ዘይተጸንዐ ቃል ኪዳን ምእታው፡ ንሓደጋ ጥንስን ሕርስን ምቅላዕ ልሙድ መዓልታዊ መነባብሮ ኰይኑ ኣሎ።

**ሕቶ፡- ነቲ ስእሊ ምሉእ ንምግባሩ፡ ኣብ'ቲ ካልኣይ ሸነኽ ናይ ሃለዋት ኤርትራ፡ ማለት ናብ ደምበ ተቓውሞ ብሓፈሻ ናብ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ድማ ብፍላይ ክንኣቱ። ደምበ ተቓውሞ ከመይ ትግምግሞ? ነዚ ኣብ ልዕሊ ዝጠቐስካዮ ሕማቕ ሃለዋት ንምቕያር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብቕዓት ኣለዎ ኢልካ'ዶ ትኣምን?**

***መንግስተኣብ፡-*** ደምበ ተቓውሞ ክንብል ከሎና፡ እቶም ኣብ ኪዳንን ወጻኢ ካብ ኪዳንን ዝርከቡ ተቓወምቲ ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን፤ ከምኡ ውን፡ ነቲ ስርዓት ዝቃወሙ ሲቪላውያን ማሕበራትን ውልቀ-ሰባትን ዘጠቓልል ኢዩ። ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ ደምበ ተቓውሞ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናሓየለን እናዓበየን፤ ናይ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ድማ፡ ብኣንጻሩ እናተሸምቀቐን እናጸበበን ይኸይድ ምህላዉ ብሩህ ኢዩ።

ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ኵሉ ኵርንዓት ዓለምን፡ ናይ ህዝብና መረረን ተቓውሞን እናዓበየ'ዩ ዝኸይድ ዘሎ። ስርዓት ኢሳያስ፡ ካብ ህዝቢ ብፍላይ ድማ፡ ኣብ ወጻኢ ካብ ዝርከብ ህዝብና ዝረኸቦ ዝነበረ ገንዘብ ብግዙፍ ደረጃ'ዩ ነክዩ። ኣንጻር ስርዓት ኢሳያስን ግፍዕታቱን ዝግበር ሰላማዊ ሰልፍታት ዝያዳ እናተጠርነፈን እናዓበየን ይኸይድ ኣሎ። እቲ ስርዓት ዘዳልዎም ፈስቲቫላትን ህዝባዊ በዓላትን ውን ከም'ቲ ናይ ቀደም ኣይኰነን። ኣብ'ዚ በዓላት'ዚ ዝሳተፍ ህዝቢ እናውሓደ፡ ተቓወምቱ ድማ እናበዝሑ ይኸዱ ኣለዉ። እቲ ኣብ ፈስቲቫላቱ ዝሳተፍ ቍሩብ ቍራቦ ድማ፡ መብዛሕትኡ መንእሰይ ኰይኑ፡ ሙዚቃ ወይ ደርፊ ክሰምዕ፡ ክስዕስዕ ዝመጽእ ኢዩ። ኣብ ወጻኢ፡ በቲ ስርዓት ዝካየድ ናይ ህዝቢ ኣኼባታት ከኣ'ሞ ዳርጋ የለን ክበሃል ይከኣል።

ናይ ሰራዊት መረረን ዘይዕግበትን ብርኡይ መልክዑ ይዓቢ ኣሎ። ደሞዝ ወስኹና፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት ደረት ይገበረሉ፡ ፍሉይ ናይ ኮማንዶ ብሪገድ ስለምንታይ'ዩ ካባና ንላዕሊ ሓለፋታት ዝውሃቦ፡ …ወዘተ ዝብሉ ሕቶታት መዓልቲ መዓልቲ ኢዮም ዝለዓሉ። መብዛሕትኦም ከኣ፡ ነዚ መረረታት'ዚ፡ ናብ ጐረባብቲ ሃገራትን ክንዮኡን ብምስዓድ ኢዮም ዝገልጽዎ ዘለዉ። ሎሚ፡ እቲ ክፍለ-ሰራዊት ዝብሃል ኣስከሬን ኰይኑ'ዩ ተሪፉ። ሓይሊ ባሕርን ሓይሊ ኣየርን ውን ከም ትካል ናብ ዘይምህላው ደረጃ'ዩ ዘምርሕ ዘሎ።

መንእሰያት ውን፡ ካብ መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንምምላጥ ኵሉ ዝከኣሎም ፈተነታት ኢዮም ዝገብሩ። ንወጻኢ ዝኸድሉ ናይ ትምህርቲ፡ ናይ ስፖርት ውድድራት ዕድል እንተረኺቦም ብኡ ኣቢሎም'ዮም ዑቕባ ዝሓቱ። ከም'ዚ ዕድል'ዚ ዘይረኸቡ ማእለያ ዘይብሎም መንእሰያት ናብ ጐረባብቲ ሃገራትን ክንዮኡን ይስደዱ ኣለዉ። ኣብ ጕዕዞኦምን ኣብ ናይ ስደት ሃገሮምን ዘጋጥሞም ጸገማት ውን ቀሊል ኣይኰነን።

ብደረጃ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብዝምልከት፡ ካብ ቅድሚ ገለ ዓመታት ዝነበረ ሃለዋቱ ሕጂ ይሓይሽ ከበሃል ይከኣል። ኣብ ልዕሊ'ቲ ቀደም ዘካይዶ ዝነበረ ንጥፈታት ናይ ተለቪዥንን መደብ

ኣታኣታትዩ ክሰርሕ ጀሚሩ ኣሎ። ከምኡ ውን፡ ኣብ ህዝባውን ዲፕሎማስያውን መዳያት ዝተኻየዱ ንጥፈታት ኣለዉ። እቲ ዝዓበየ ተታሓሒዝዎ ዘሎ ዕማም ከኣ፡ ጉዳይ ሃገራዊ ዋዕላ ኢዩ።

ሃገራዊ ዋዕላ ኵሎም ኣባላት ኪዳን ዝኾኑ ውድባትን ሰልፍታትን ዝኣምንሉን፤ ክግበር ኣለዎ ዝብል ውሳኔን ኣለዎም። ብሃገራዊ ዋዕላ ክረጋገጽ ኣለዎ ዝብሃል ዕላማታት ግን፡ ሓደ ተረድኦ ዘለዎም ኣይመስለንን። ገለ፡ ዋዕላ ጌርና ናይ ስደት መንግስቲ ነቚውም፤ ገለ፡ ካብ ኪዳን ወጻኢ ዘለዉ ውድባትን ሰልፍታትን ሲቪላውያን ማሕበራትን ሓዊስና ንኪዳን ነስፍሖ፤ ገለ ናይ ስኒትን ናይ ዕርቕን ዋዕላ ይኹውን፤ ገለ ድማ፡ ኣብ'ቶም ዘስሓሕቡና ጉዳያት፡ ማለት ኣብ ግደ ሃይማኖት ኣብ ፖለቲካ፡ ኣብ ጉዳይ ብሄራት፡ ኣብ ጉዳይ ቋንቋታት፡ ኣብ ጉዳይ መሬት ዝብሉ ሕቶታት ኣብ ሓባራዊ ምርድዳእ ምብጻሕ ዝብሉ ኣለዉ።

ኣነ፡ እዛ ኣብ መወዳእታ ዝተባህለት፡ ማለት ኣብ ግደ ሃይማኖት ኣብ ፖለቲካ፡ ኣብ ጉዳይ ብሄራት፡ ኣብ ጉዳይ ቋንቋታት፡ ኣብ ጉዳይ መሬት ዝብሉ ሕቶታት ኣብ ሓባራዊ ምርድዳእ ምብጻሕ ዝብል ርእይቶ ኢዩ ቅኑዕ ኰይኑ ዝስምዓኒ። ኣብ ርእሰ'ዚ፡ ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ኢሳያስ፡ እቲ ናይ መሰጋገሪ መድረኽ ከመይ ክመስል ኣለዎ ዝብል ሕቶ ተላዒሉ ኣብ ሓባራዊ ምርድዳእ ምብጻሕ ዘድሊ ኰይኑ ይስምዓኒ። ብሓጺሩ፡ ኵሎም'ቶም ንተቓወምቲ ውድባት ዝፈላልዩ ጉዳያት፡ ክዝረበሎምን ክጻበብሉ ዝኽእሉ መፍትሒታት ክናደየሎምን ኣለዎ እብል። ከምኡ ድማ፡ ብሓንቲ ዋዕላ ኵሉ ሽግራትና ክፍታሕ ስለዘይክእል፡ ካብ ሓደ ንላዕሊ ዋዕላታት ኣብ መጻኢ ክግበር ከምዘለዎ ኢየ ዝርኢ።

ብዛዕባ'ቲ ኪዳን ለውጢ ከምጽእ ብቕዓት ኣለዎ'ዶ ዝብል ሕቶኻ፡ በዚ ሕጂ ዘለዎ መልክዕን ትሕዝቶን ለውጢ ከምጽእ ኣይክእል ኢዩ። ለውጢ፡ ብተሳትፎ ናይ ህዝቢ ኢዩ ዝረጋገጽ። ተሳትፎ ናይ ህዝቢ ኣብ ተቓወምቲ ውድባት ድማ ድኹም ኢዩ ዘሎ። ስለዝኾነ ድማ፡ ኪዳን ለውጢ ከምጽእ እንተደኣኰይኑ ንገዛእ ነብሱ ክልወጥ ኣለዎ። በተሓሳስባ፡ ብተግባር፡ ብኣቀዋውማኡ ደረጃ ለውጥታት ከተኣታቱ ኣለዎ።

ኪዳን ብውድባት ዝቘመ ኣካል ኢዩ። ናይ ገዛእ ርእሱ ኣባላት የብሉን። ስለ'ዚ ክሕይል እንተደኣኰይኑ፡ እተን ኣባላቱ ዝኾና ውድባት ክሕይላን ክሰፍሓን ክኽእላ ኣለውን ዝብል እምነት'ዩ ዘሎና። ካብ'ዚ ሓቂ'ዚ ብምብጋስ፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ተመሳሳሊ ራእይ ዘለዎም ውድባት ክጸናበሩ ክጽውዑን፣ ከምኡ ውን፡ ኪዳን ብዝተፈላለየ ፕሮግራም ዘለዎም ውድባትን ሰልፍታትን ደኣ'ምበር ብተመሳሳሊ ፕሮግራም ዘለዎም ውድባት ምቛሙ ትርጉም የብሉን ክብሉን ጸኒሖምን ይብሉ ኣለዉን። ከም'ዚ ምስ እንገብር፡ ትርንዕ ዝበሉ ከድምዑ ዝኽእሉ ውድባትን ሰልፍታትን ከነቕውም ብሓደ ሸነኽ፤ ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ነቲ ንሞራል ህዝብና ዝትንክፍን ኣስማቶምን ዕላማታቶምን ንምሓዝ ዝጽግሞ ብዝሒ ውድባት ክንክየን፡ ህዝብና ድማ፡ ፍልልይና ብቐሊሉ ተረዲኡ ንመን ከምዝድግፍ ክሕግዞን ይኽእል በሃልቲ ኢና። በዚ ኣገባብ'ዚ፡ ውድባት ይሕይሉ፤ ብኡ ኣቢሉ ድማ ኪዳን ይሕይል ዝብል እምነት'ዩ ዘሎና።

**ሕቶ፡- እዛ ኣብ መወዳእታ ዘልዓልካያ ነጥቢ'የ ክሓተካ ምፈተኹ። ብዛዕባ'ቲ ኣብ መንጎ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ዝካየድ ዘሎ ናይ ምጽንባር መስርሕ ኣብ ምንታይ ደረጃ በጺሑ ኣሎ? እንታይ ትሕብረና?**

**መንግስተኣብ፡-** ኣብ መንጎ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ዝቕጽል ዘሎ ናይ ሓድነት ጉዕዞ ብወግዒ ዝጀመረሉ ኣብ 2004 ኢዩ ነይሩ። ቅድሚኡ ውን ዘይወግዓዊ ርክባትን ልዝባትን ነካይድ ኔርና ኢና። ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሰልፍታት፡ ብደረጃ ፕሮግራም ወይ ናይ መጻኢ ራእይ ብዝምልከት ብዙሕ ፍልልያት ነይርዎ ክበሃል ኣይክእልን ኢዩ። ግን፡ ታሪኻዊ ድሕረ ባይታና ዝተፈላለየ ስለዝነበረ፡ ነዚ ጀብሃ ሻዕብያ ዝብል ፍልልያት ሰጊርካ ሓደ ምኻን ቀሊል ብድሆ ኣይነበረን። ብዘካየድናዮ ቀጻሊ ርክብን ልዝብን ግን፡ ነዚ ፍልልያት'ዚ ሰጊርና፡ ናይ ሕድሕድ

ምትእምማን ከነረጋግጽን ንመጻኢ ክንጥምትን በቒዕና። ብድሕር'ዚ፡ ነቲ ዝነበረና ንኡስ ፍልልያት ብናይ እንካን ሃባን መንፈስ ፈቲሕና ኣብ ነሓሰ 2008 ንሓባራዊ ንጥፈታትና ዝመርሕ፡ ብሰለስተ ወከልቲ ካብ ነብስወከፍ ውድብ ዝቜመ ሓባራዊ ኣውሃሃዲ ኣካል፡ መስሪትና። ሓባራዊ ኣውሃሃዲ ኣካል፡ ኣብ ትሕቲኡ ኰይነን ዝሰርሓ ንኡሳን ዞባዊ ኣካላት ኣቚሙ፡ ነቲ እተበጽሐ ምርድዳኣት፡ መሰረታት ውን ክመያየጥሉ ሰፊሕ ዕድላት ከፈተ። መሰረታታት ክልቲኡ ሰልፍታት፡ ዘይተቜጠበ ደገፉ ነቲ ክልቲኡ መሪሕነታት ዝሓለፎ መስርሕን ምርድዳእን ገሊጹ። ሓድነት ክልቲኡ ሰልፍታት ኣብ ሓጺር ግዜ ክረጋገጽ ውን ተላብዩ።

በዚ መሰረት፡ 26 ሚያዝያ 2009 ኣብ እተኻየደ፡ መሪሕነታት ክልቲኡ ሰልፍታት ዝተሳተፍሉ ኣኼባ። ብዛዕባ ዝተሰላሰሉ ዕማማት፡ ብዛዕባ ከመይነት መስርሕ ምጽንባር፡ ብዛዕባ ንሓባራዊ ኣውሃሃዲ ኣካል ናብ ክብ ዝበለ ደረጃ ናይ ኣመራርሓ ምስግጋሩ ተመያይጡ ኣገደስቲ ውሳኔታት ኣሕሊፉን፤ መድረኻዊ መደብ ዕዮኡ ሓንጺጹን። ከምኡ ውን፡ ሓባራዊ ናይ ዜና ቦርድ ከቕውምን፤  ካብ 7-9 ነሓሰ 2009 ኣብ ዘሎ ዕለት ሓባራዊ ፈስቲቫል ኣብ ፍራንክፈርት ከካይድን ተሰማሚዑ።

ኣብ'ዚ ውሳኔታት'ዚ ተመርኲሱ ድማ፡ ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ ናይ ዞባ ኣካላቱን ኣቚሙ ነቲ ውሳኔታት ኣብ ምትግባር ይርከብ ኣሎ። ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ ንነብሱ ኣብ ሰለስተ ኮሚቴታት መቓቒሉ፡ ንድፊ ፖለቲካዊ ፕሮግራምን ቅዋምን ኣዳልዩ ወዲኡ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ ርእይቶኡ ኣብ መሰጋገሪ መድረኽ ዘነጽር ሰነድ ኣዳልዩ ናብ መሪሕነት ኪዳን ኣቕሪዎ ኣሎ። ንሓባራዊ ዜናዊ ዕዮ ንምምዕባል ዝኣመተ መጽናዕትን ንጥፈታትን ምክያድ ውን ጀሚሩ ኣሎ። ንሓባራዊ ዜናዊ ስርሓትና ዝመርሕ ኤዲቶርያል ፖሊሲ ድሮ ተሓንጺጹ ጸዲቑ ኣሎ። ብመሰረት'ዚ ፖሊሲ'ዚ ዝሰርሕ ሓባራዊ ኤዲቶርያል ቦርድ ናይ ምቛም ስርሓት ውን ተታሓሒዝናዮ ኣሎና። ብሓጺሩ፡ ኵሉ'ቲ መደባት ብዝተተለመሉ ኣገባብ ብጽቡቕ ይቕጽል ኣሎ። ብሓጺሩ፡ እቲ ሓድነት፡ መሪሕነትን ኣባላትን ክልቲኡ ሰልፍታት ዝዓገብሉ ስለዝኾነ፡ ኣብ ዝተወሰነሉ ዕለት ክረጋገጽ'ዩ ዝብል ምሉእ እምነት ኣሎኒ። እዚ ሓድነት'ዚ፡ ኣብ ምሕያል ደምበ ተቓውሞ ብሓፈሻ፡ ኣብ ምሕያል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ከኣ ብፍላይ፡ ናቱ ግደን ጽልዋን ክህልዎ ምዃኑ ድማ ኣየጠራጥርን ኢዩ።

**ሕቶ፡- ምስ ካልኦት ውድባት'ከ ዝካየድ ናይ ሓድነት መስርሕ'ከ ኣሎ'ዶ?**

***መንግስተኣብ፡-*** ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን፡ ምንቅስቓስ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ኤርትራ-ጋሽ ሰቲት ምስ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ከም እተጸንበረ ዝፍለጥ ኢዩ። ነዚ ሓድነት'ዚ ዝምልከት ኣዋጅ ውን፡ ኣብ 24 ጉንቦት 2009 ወጺኡ ምንባሩ ዝዝከር ኢዩ። እዚ ሓድነት'ዚ ውጽኢት ናይ'ቲ ንልዕሊ ክልተ ዓመታት ኣብ መንጐ ክልቲኡ ውድባት ክካየድ ዝጸንሐ ዕቱብን ተኸታታልን ልዝባት ኢዩ።

ከምኡ ውን፡ ምስ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ዝጀመረ ልዝብ ኣሎ። ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ለካቲት'ዩ ይመስለኒ፡ ሰለስቲኦም ኣቦ መንበራት ኣብ ፍራንክፈርት ተራኺቦም፡ ብዛዕባ ምጽንባር ናይ ሰለስቲኡ ውድባት ዝምልከቱ ጉዳያት ኣልዒሎም ተዘራሪቦም ነይሮም። ኣብ መብዛሕትኡ ጉዳያት ድማ ፍልልይ ከምዘይብሎም ርእዮም። ኣብ ኣገባብ ቃልሲ ንዘሎ ፍልልይ ብዝምልከት ድማ፡ ቀጻሊ ልዝባት ከካይዱን ኣባላት ሰለስቲኡ ስልፍታት ውን፡ ኣብ'ዚ ጉዳያት'ዚ ክመያየጡን ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ ምንባሩ ዝፍለጥ ኢዩ። በዚ ስምምዕ'ዚ መሰረት፡ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ኣብ መንጐ ኣባላት ሰለስቲኡ ሰልፍታት ምይይጥ ክጅመር ትጽቢት ይግበረሉ ኣሎ።

ኣብ ርእስ'ዚ፡ እዚ ናይ ሓድነት መስርሕ'ዚ፡ ክሳብ'ቶም ኵሎም ተመሳሳሊ ራእይ ዘለዎም ውድባት ዝጸናበሩ ቀጻሊ ኢዩ። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ እቲ ሓድነት ኣብ መንጐ'ዞም 2 ወይ 3 ውድባት  ተሓጺሩ ዝተርፍ ኣይኰነን። እቲ ማዕጾ ኵሉ ግዜ ክፉት ኢዩ።

**ሕቶ፡- ነዚ ተመኩሮ'ዚ፡ ካብ ዝሓለፉ ተመኩሮታት ናይ ሓድነት ዝፈልዮ እንታይ ኢዩ።**

**መንግስተኣብ፡-** እቲ ዝሓለፈ ተመኩሮታት ናይ ሓድነት፡ ካብ’ቲ ኣብ’ቲ ግዜ’ቲ ሰፊኑ ዝነበረ ኣተሓሳስባ ፈሊኻ ክርአ ኣይከኣልን ኢዩ። ሽዑ ብደረጃ ዓለምና ይኹን ሃገርና፡ ዝነበረ ኣተሓሳስባ፡ ናይ ምዕብላል፡ ስልጣን ንበይንኻ ናይ ምብሓት፡ ንመወዳርትኻ ምድምሳስ …ወዘተ ዝኣመሰለ’ዩ ነይርኡ። ብሓጺሩ፡ እቲ ሓያል ነቲ ድኹም፡ እቲ ዓቢ ነቲ ንእሽቶ፡ ናይ ምውሓጥ ናይ ምብላዕን ኣተሓሳስባን ዝንባለን ዝዓብለሎ’ዩ ነይሩ። እዚ፡ ህዝብናን ሃገርናን ሕጂ ዝሳቐይሉ ዘለዉ ኣተሓሳስባ’ዩ ነይሩ። ናይ ሓድነት ተመኩሮታትና ድማ፡ በዚ ኣተሓሳስባ ዝተገዝአ ክኸውን ግድን ነይሩ። እዚ ተታሓሒዝናዮ ዘሎና ናይ ሓድነት መስርሕ ግን፡ ካብ’ዚ ኣተሓሳስባ’ዚ ኣዝዩ ዝረሓቐን ንጹር ዝኾነ ራእይ ዘበገሶን ኢዩ። መንቀሊና፡ ሰላም፡ ፍትሒ፡ ዲሞክራሲ፡ ዝሰፈና ብልጽግቲ ሃገር ምህናጽ ኢዩ። ነዚ ክውን ንምግባር ድማ፡ ተመሳሳሊ ራእይ ዘለዎም ውድባትን ሰልፍታትን ኣብ ሓደ ክጸናበሩ፤ ዝተፈላለየ ራእይ ዝውንኑ፡ ግን ከኣ ኣብ ምልጋስ ናይ’ቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ረብሓ ዘለዎም ሰልፍታትን ውድባትን፡ ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢኦም ምሕዝነት ወይ ኪዳን ክገብሩ ኣለዎም ዝብል እምነት ኢዩ ዘሎና። ስለ’ዚ፡ ንግዝያዊ ወይ ጸቢብ ረብሓታት ኢልና ንገብሮ ምጽንባራት ወይ ምሕዝነታት ኣይኮነን። ከምኡ ውን፡ ናይ ሕሉፍ ታሪኽ ግዙኣት ኰይና፡ ሻዕብያ’ዶ ጀብሃ፣ ባንዲራና እዚኣ’ያ፡ እቲኣ’ባ፣ መዓልቲ ሰማእታት ኣብ’ዛ ዕለት’ዚኣ ኢያ፡ ኣይኮነትን፤ ቅዋም ኣሎና የብልናን …ወዘተ ኣብ ዝብሉ ብዘይካ’ቲ ገዛኢ ጕጅለ ካልእ ዘይረብሓሎም ፍልልያት ክንነብር የብልናን፤ ሕሉፍ ናይ ታሪኽ ምፍንጫላትን መረረን ዝፈጠሮ ፍልልያት ውን ክንሰግሮ ኣሎና ዝብል እምነት ኣሕዲርና ኢና ተበጊስና ዘሎና። ብሓጺሩ፡ ንኻልኦት ክንከስስ ካብ ምውዓል፡ ጻዕርና፡ ጕድለትናን ሕጽረትናን ኣብ ምእራምን ንኣተሓሳስባና ኣብ ምልዋጥን ክኸውን ይግባእ ዝብል ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ኢና ኣታኣታቲና ዘሎና።

እዚ፡ እቲ ዝዓበየን ቀዳማይን ለውጢ ኰይኑ፡ እቲ ካልኣይ ከኣ፡ ኣባላት ናይ’ቲ ውድባት በብጽፍሕታቶም ኣብ መስርሕ ናይ ሓድነትን ኣብ ዝውሰዱ ውሳኔታትን ከምዝሳተፉ ምግባር ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ተብተብ ከይበልና፡ ሎሚ ዝኣሰርናዮ ጽባሕ ከይፍትሓና ተጠንቂቕና ኢና ነቲ ጕዕዞ ናይ ሓድነት ንሽዶ ዘሎና። ብርግጽ፡ እቲ መስርሕ ነዊሕ ግዜ’ዩ ወሲዱ፤ ግን ከኣ፡ ብዘይካኡ ካልእ ዋሕስነት ዘለዎ ኣማራጺ ስለዘይብልና፡ ክንከዶ ግድን ኢዩ። ስለ’ዚ፡ ምርግጋጽ ተሳትፎ ኣባላት ኣብ መጻኢ ዕድል ናይ’ቲ ውድብ ወይ ሰልፊ ኣብ ምውሳን፡ እቲ ነዚ ንሽዶ ዘለና መስርሕ ናይ ሓድነት ፍሉይ ዝገብሮ ካልኣይ ረቛሒ ኢዩ።

እቲ ነዚ ተመኩርኦ’ዚ ፍሉይ ዝገብሮ ሳልሳይ ነጥቢ ድማ፡ ናይ ሕድገታት ወይ ናይ እንካን ሃባን መንፈስ ዝዓሰሎ ስለዝኾነ ኢዩ። ናተይ ጥራሕ ተቐበል፡ ርእይቶይ ጥራሕ ስማዕ፡ ኣነ ካብ’ዛ መርገጽ’ዚኣ ፈልከት ኣይብልን’የ ዝብል መንፈስ ኣይነበረን። ምድምማጽ፡ ምክእኣል፡ ዘዐግብ ምኽንያት ክቐርብ ከሎ ምቅባል ዝሰፈኖ መስርሕ ናይ እንካን ሃባን ኢዩ ነይሩ። በዚ ምኽንያታት’ዚ ኢዩ መስርሕ ናይ ሓድነት ዕዉት ብዝኾነ ኣገባብ ዝቕጽል ዘሎ።